# ሓባራዊ ጋዜጣዊ መግለጺ
# ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ

08.04.2020

ኣብ ሓባራዊ ስራሕ ንምጽማድ፣ ንገለ ኣዋርሕ ክካየድ ዝጸንሐ ናይ መራሕቲ ፖለቲካዊ ሓይልታት መስርሕ ዘተ ኣብ ወርሒ መጋቢት 2020 ክድምደም ተመዲቡ'ኳ እንተነበረ፣ ብምስፍሕፋሕ ኮረና ቫይረስ ምክንያት እቲ ዝተሓሰበ ዋዕላ ክካየድ ኣይተኻእለን። ይኩን'ምበር ምስፍሕፋሕ እዚ ለበዳ'ዚ (ኮቪድ -19)፡ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻኢን ዝርከብ ህዝብና ከውርዶ ዝክእል ብርቱዕ ሓደጋ ብምግንዛብ፡ እቲ ዘተ ክቕጽልን ሓባራዊ ተግባር ክሕወሶን ኣብ ምርድዳእ ከም ተበጽሐ ክንሕብር ንፈቱ። በዚ ምርድዳእ'ዚ መሰረት ድማ፣ ዕለት 1 ሚያዝያ 2020 "ሓባራዊ መልእኽቲ ናብ ህዝቢ ኤርትራ" ከምእ'ውን ናብ ዝተፈላለያ ግብረ ሰናይ ማሕበራትን፣ ዓለምለኻዊ ናይ ጥዕና ትካል ዳይረክተርን፣ ናብ ኮምሽነር ላዕለዋይ ኮሞሽን ሕቡራት ሃገራት ጉዳያ ስደተኛታትን ሓባራዊ መልእኽቲን ከምዝሰደደ ዝዝክር'ዩ። ቀጻልነት ናይዚ ተበግሶ'ዚ ንምርግጋጽን፣ ኩሉ ደላይ ፍትሒ ኣንጻር ለበዳ ኮሮና ቫይረስ (ኮቪድ-19) ወሲድዎ ዘሎ ተበግሶ ንምድጋፍን ንምብርታዕን ኣብ ዝተፈላለየ ሜዳታት ዝተሓጋገዘ ፍሉይ ሓይሊ ዕማም ክቕውም ኣኼባ ፖለቲካዊ ሓይልታት ወሲኑ።

እዚ ብዝተፈላለያ ምንቅስቓሳትን ናይ ጥዕና ሞያውያንን ተጀሚሩ ዘሎ ተበግሶታት፣ እቲ ዝድለ ዕላማ ብግቡእ ንኽረጋገጽ፣ እቲ ዝካየድ ዘሎ ስራሓት ክወሃሃድን ክተኣሳሰርን ይግባእ። ድሮ'ኳ እቲ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ተበጊሱ ዘሎ ወፈራ፣ ዓለምለኻዊ መልክዕ ሒዙ ምህላዉ ጽቡቕ ኣብነት ኢዩ። ኣብዚ እዋንዚ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ዝነብር ኤርትራዊ ዜጋ ብስድርኡን ብህዝቡን ዘይጭነቕን ዘይሓስብን የሎን። ዓቕሙ ዝፈቕዶ ኣበርክቶ ክገብር ቀሩብ ከም ዘሎ'ውን ኩሉና እንግንዘቦ ኢዩ። ስለዚ ኩሉ ጻዕርና እቲ ተበጊሱ ዘሎ ምስፋሕን ምብርታዕን፣ እቲ ዘይተበገሰ ድማ ከምዝሕወሶ ምስራሕን ክኸውን ለበዋና ነመሓላልፍ።

ጥዕና ህዝብና ንምሕላው ንተዓጠቕ !
ናጻ ኤርትራ ንዘልኣለም ትንበር!

1. ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ (ኤሃባደለ)
2. ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር (ኤሃግ)
3. ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ (ሰዲህኤ)
4. ውድብ ሓድነት ንዲሞክራስያዊ ለውጢ (ውሓዲለ)
5. ውድብ ሓድነት ኤርትራውያን ንፍትሒ (ውሓኤፍ)
6. ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ (ዲውዓቀባ)